<u>ብዝሕን ስፍሓትን ኣይኮነን ወሳኒ፡ እንታይድኣ ሓድነት።</u>

ኣብ ዓለም ካብተን ብብዝሒ ህዝበን ዝወሓዳ ሃገራት ሓንቲ ኤርትራ እያ። ስፍሓት መሬታ'ውን ንኡስ እዩ። ተደኲናትሉ እትርከ ዞባ'ውን ኣብ ሓውሲ ምድረበዳ እዩ። ኤርትራ ኣብ ዓለም ካብተን ዝወሓደ ዝናም ዝዘንበን ሃገራት እያ። መሬታ ሙብዛሕትኡ ቀላጥ ዓበይቲ ኣእዋም ዘይርኸቦ ቦታ እዩ። ኤርትራ ምስ ዞብኣ ኣነጻጺርካ ክትርእያ ብጣዕሚ ውሑድ ደጋዊ ጸጋታት ዘለዋ ሃገር እያ። ጎረባብታ ኩለን ብባህርያዊ ሃብቲ ጽቡቕ ዕድሎት ዝተዓደላ ሃገራት እየን። ብብዝሒ ህዝቢ ይኹን ስፍሓት መሬተን፡ ብተፈጥራዊ ጸጋታት ይኹን ዓመታዊ ዝናብ ኣዝየን ዝተዓደላ ኣየን።

እንተኾነ ሃገርና ኤርትራ ውሽጣዊ ሃብታ ንኹለን ስሱዓት ኣዒንቲ ዝማርኽን፡ ጂኦግራፊካዊ ኣቅማምጥኣ ዋላውን ነተን እኹል ታርፍ ዝኾነ ሃብቲ ዘለወን ዓበይቲ መንግስታት ዓለምና ዝሰሓበን፡ ንሙግባጣ ኣብ ዝዕድመን ቦታ ተደኲና ትርከብ። ብኡ መሰረት ከኣ ግዳይ ናይ ዝተፈላለዩ ባዕዳውያን ገዛእትን መዓንደሪ መንግስቲ ኢትዮጵያን ኮይና ነይራ እያ። ስለ ዝኾነት ከኣ ህዝቢ ኤርትራ ዘይትኣደነ ግፍዕታት ኣብ ትሕቲ ዝተፈላለዩ ገዛኣቲ መንግስታት ኣሕሊፉ እዩ። ሓሳርን መከራን፡ ቁስለትን ቅትለትን ማዓልታዊ ብጺሒቱ ጌሩ ወሲዱዎ እዩ። ህዝባ ኣጽኒቶም መሬታ ገቢቶም ሃብታ ንምምዝማዝ ዘይፈጸምዎ በደላት ኣይነበረን።

ካብቲ ብዙሕ ሰለስተ ነገራት ንምጥቃስ ንህዝቢ ኤርትራ መንነቱ ንምጥፋእ ዝተፈተነ ፈተነታት፡ ሓደ እቲ መንግስቲ እንግሊዝ ዝፈተኖን ብጽንዓትን ሓድነትን ህዝቢ ኤርትራ ዝበርዓነ ኣብ መንጎ ሃይማኖት ክርስትናን እስልምናን ክውልዖ ዝሓሰቦ ፈተነ ምዕራባዊ ቆላ ንሱዳን፣ ከበሳታት ኤርትራን ምብራቓዊ ጎላጉልን ንኢትዮጵያ ዝብል እዩ። እቲ ካልኣይ ኤርትራ ሜሬታ እምበር ሰባ ኣየድልየንን ዝበሎ ሃይለስላሰየ፣ ብግፍዓዊ ተበግሶ ዓድታት ኣንዲዱ፡ ስድራቤታት ቀቲሉ፡ ጥኑሳት ብሳንጃ ከብደን ተራቢው ባርባሪያዊ ስጉምቲታቱ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ፈታው ሃገሩ ዝኾነ ኤርትራዊ ኣእሙሮ ተቐሪጹ ኣሎ። እቲ ሳልሳይ መንግስቱ ሃይለማሪያም ዓሳ ንፍጥፋእ ባሕሪ ማዩ ምንጻፍ ዝበሎ እዩ። ሰውራ ኤርትራ ንምጥፋእ ብቐዳምነት ህዝቢ ኤርትራ ምጽናት ማለቱ ኣዩ። እቲ ውጺኢት ግን በንጻሩ ኮነ። መትከል ሰውራ ኤርትራ ከኣ በንጻሩ ህዝቢ ኢትዮጵያ ከይጎዳእካ መንግስቲ ደርጊ ምጥፋኣ እዩ ነይሩ። ከምኡ ከኣ ኮነ።

ሕጂ ከኣ ህወሓት መንግስቲ ኤርትራ ንምስዓር ምክልኻል ሓይልታቱ ምድኻም። ምክልኻል ሓይልታት ኤርትራ ንምድኻም መንእሰያት ኤርትራ ኣታሊልካ ካብ ሃገሮም ከምዝስደዱ ምግባር። መንእሰያት ንምስዳዕ ዑሱባት ምኽታብ ብዝብል ካብቶም ቀዳሞት ስርዓታት ኢትዮጵያ ዘይፍለ፡ ብምዕራባውያን መንግስታት ዝተባረኸን ዝተመወለን እኩይ ፍልስፍና ከተግብር ካብ ዝጅምር ውሑድ

ኣይገበረን። እታ መንግስቲ ኤርትራ ንምፍራስ ዘውጽኣ መደም ተመሊሳ ንዓለታዊ ስርዓት ወያኔ ኣብ ገምገም ጸድፊ ኣብጺሓቶ ኣላ። እዚ ከኣ ንቶም ብኡ ዝተዓሰቡ ኤርትራውያን ጻዕሪ ሞት ኮይኑዎም ኣሎ።

እቲ ዘገርም ነገር እተሎ እዚ ኩሉ ፈተነታት ንህዝቢ ኤርትራ ሓድነቱ ኣትሪሩ፡ ንቕሓቱ ኣበሪኹ፡ ፍልጠቱ ኣልዒሉ፡ ዓቕሙ ኣደልዲሉዎ ድኣንበር ርእሱ ኣየድነኖን። ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ዝወርዶ ዝነበረ ግፍዕታት ኣይቆዘመሉን፣ እንታይድኣ ዝበለጸ ብልሕሓትን ተሞኩሮን ቀሲሙሉ። ንዝነበሮ ሓድነት ድርዒ ወሲኹሉ። ጸላኢ ንምግጣም ሜላታት ተማሂሩሉ። ጸላእቱ ኣብ ምግጣምን ምስዓርን እዚ ዘይበሃል ተሞኩሮታት ቀሲሙሉ። ብኡ መሰረት ከኣ ንጸላእቱ ምስ ብዝሒ ሰራዊቶም ኣጽዋሮምን ደገፍቶምን ኣብ ኲናት ንነጻነትን ውግእ ንሉዕላውነት ሃገር ኣብ ዝተገብረ ጥምጥም ሲዒሩ ኣብ ናይ ታሪኽ ጎሓፍ ዘስፈሮም።

እቲ ዝተቐስመ ተሞኩሮ ኣብ ኲናት ንምዕዋት ጥራሕ ኣይነበረን። ነብስኻ ምኻኣል ዝብል ፍልስፍና ኣብ ነብሲ ወከፍ ኤርትራዊ ኣእሙሮ ከም ዝሰርጽ'ውን ተጌሩ እዩ። ተጸባይነት ሓሳብካን ኣካልካን ከምዘልምስ፡ ናይ ቶኾብቲ ግዙእ ከምዝገብር፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣጸቢቑ ስለ ዝፈለጠ፣ ሎሚ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ብድርቂ ተሳቒየን ህዝበን ንረዲኤት ኣእዳዉ ዘርጊሑ ንምጽወታ እናተጸበየ ከሎ፣ መራሕቱ ዓሰርተ ሓሙሽተ ሚልዮን (15.000,000) ህዝቢ ጠምዩና ርድኡና ክብሉ ከለዉ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ጭውነቱን ነብስኻ ምኻል ዝብል መትከሉን ብግብሪ ዘመስከረሉ ዘሎ እዋን እዩ።

ኣብ ጎረባብትና ብፍላይ ከኣ ዓለታዊ መንግስቲ ወያኔ ዝመርሓ ኢትዮጵያ ዋጋ መሰረታውያን ሃለኽቲ ሰማይ ክዓርግ ከሎ፣ ኣብ ኤርትራ ግን ኣብ ዕዳጋታት ቀረባት መሊኡ ጠለባት ሓፋሽ ከርዊ ከሎ፣ ዋጋታት ብዘገርም መንፈስ ሓሲሩ ኣሎ። ጸላኣትና ብድንጋጸ ዝኣከል ዝብልዎ ጠፊኡዎም ኣስቕጥ ኣቢሎም ኣለዉ። እዚ እንታይ የርእየና ንሒማቕና እምበር ንጽቡቕና ከምዘይምነዩ እዩ። ሳላ ውሕሉል መሪሕነት ንድሕሪ ክልተ ዓመታት ዝመጽእ ኲነት፡ ሕድሚ ሰለስተ ዓመታት መደብ ወጢኑ ዘተግብር ስለ ዝኾነ፡ ነዚ ሎሚ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ተኸሲቱ ዘሎ ጥሜት ቕድሚ ሰለስተ ዓመት ስለ ዝተዳለወሉ ህዝብና ብኹርዓትን ሓበንን ፍረ ተወፋይነቱን ሃርኮትኮቱን ካብ ዘሰክፍ ዘሎ ጽላሎት ጥሜት ነጻ ኮይኑ ይርከብ ኣሎ።

መንግስቲ ኤርትራ ዋላ ሓንቲ መዓልቲ ትኹን ካብ ንህዝቡ ዘርብሑ ስራሓት ምስራሕ ተዛንዩ ኣይፈልጥን። ተጻብኦታት ዝኸበደ እንተኸበደ ካብ መሰረታዊ መትከሉ ፈልከት ዘይብል መሪሒነት ኣሎ እንተተባህለ መንግስቲ ኤርትራ ጥራሕ እዩ። ንኹሉ ተጻብኦታት ብስራሕ ከምዝስዕሮም ስለ ዝፈልጥ፡ እተን ንትኂቦ ክልሙኑና እዮም ኢለን ኣእዛነን ኩር ኣቢለን ክጽበያ ዝጸንሓ ከምዘይ ሰምዓ ጌሩ ሎኩቱዎን እዩ። መስርሕ ነብስኻ ምኽኣል ነቕ ዘይብል መትከል መንግስትን ህዝብን ኤርትራ እዩ። መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ንነዊሕ ዝጠመተ፡ ንዝመጽእ ውሉድ ወሎዶ ባህሊ ተወፋይነትን ተበላሓትነን ነብሰ ምትእምማንን ፍትወት ስራሕን ዝዓለመ ስለ ዝኾነ እቲ መስርሕ ቀጻሊ እዩ። ኣብ

ዝኾነ ጽሑፋት ዓለማዊ ይኹን መንፈሳዊ ለሚንካ ወይ ከይጸዓርካ ብላዕ ዝብል ጹሑፍ የለን። ኩሉ ጹሑፋት ሰሪሕካን ሪሂጽካን ብላዕ እዩ ዝብል። ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ከኣ ከምኡ እዩ እምንቱኡ። ስለ ዝኾነ ከኣ እዩ ጥብ ዝበለት ማይ ከምትዕቀብ ዝገብር ዘሎ። ከምኡ ስለ ዝገበረ ሎሚ ኣብ ሃገርና ውሕስነት ምህርቲ ተረጋጊጹስ ዕዳጋታት ተረጋጊኡ ዘሎ። መስርሕ ነብስኻ ምኽኣል ንዓና ንኤርትራውያን ሜላ ኣይኮነን መትከል እዩ። መትኸል ብመትከሉ ዘይቕየር ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘይወርድ። ካብዚ መርገጽ እዚ ተበጊሱ መንግስትን ምክልኻል ሓይልታትን ሓፋሽ ህዝብን ጥብ ዝበለት ማይ ኣብ መዓላ መታን ክትውዕል ዛላታት፡ ከትርታት፡ ሃጽብታትን ዲጋታትን ኣብ መላኣ ሃገር ሃኒጹን ዝሃንጽ ዘሎን።

ጻዕርታትና ፍሬኡ እናበርከተ ኣብ ዝኸደሉ እዋን ነቶም ነባሕቲ ኣኽላባት ዓቕሎም ስለ ዘጽብበሎም ካብ ምንባሕ ኣይከዕገሱን እዮም። ሃገር ኩቦ ደርብዮምላ ስለ ዝኸዱ ክሳብ ግዜ ሞቶም ጸረ ጥቕሚ ሓፍሽ ካብ ምቕላስን፡ ግሩሃት ካብ ምስዳዕን ኣይከቑጠቡን እዮም። መሳርሒ ተጻባእታ ካብ ምዃ ካልእ ኣማራጺ ዕድል ስለ ዘይብሎም፡ ዝገብሩዎ ዘለዉ ገበን ሓፋሽ ዘድሚ ስለ ዝኾነ ዓላምኦም ንሶም ዘይረብሑላ ሃገር ሓዊ ይእተዋ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ግን ሓዊ ወሊዑ ኣይፈልጥን። ንተወልዖ ሓዊ ግን ኣጣፋፍኡ ጽቡቕ ጌሩ ስለ ዝፈልጥን፡ ክንደይ ኣብ ልዕሊኡ ዝተወልዑዎ ሓውታት'ውን ስለ ዘጥፍኤን ዝሻቐለሉ ምኽንያት የብሉን።

ኩሉ ዓወታትና ብብልሒ ጥቁው መሪሕነትን፡ ሰምረት ህዝብናን ፡ስፍሓት ንኡስ መሬትናን፡ ተወፋይነት ሙዑታት ኣውሓስቲ ሃገር ምክልኻል ሓይልታትናን ተወሃሂዶም ዘመዝገቡዎ ዘመዝግቡዎ ዘለዉን ድኣንበር፡ ብዝሒ ህዝቢ ይኹን ስፍሒ መሬት የብልናን። ኤርትርዊ እምንቶ ኣብ ዓይነት ዳንበር ኣብ ዓቐን ኣይኮነን። ብሓድነትና ንሕበን፡ ብዋሕድና ንኾርዕ፡ ብስራሕና ንድሰት።

ሓቀኛ መትከል ብዝኾነ ሓይሊ እይንቕነቕን።

ሓቂ ዘይትስዓር መሳርሒ ጀጋኑ እያ።

ፍትሓዊ ጉዕዞና ዓቕሊጽበት ንተጻባኣትና።

ወትሩ ምስጋና ንጀጋኑ ምክልኻል ሓይልታትና።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታት ኤርትራ፡

ዓወት ንሓፋሽ።

ገብረንጉስ መስመር።